ዋና ቤት ፅሐፈት ህወሓት ኣብ 2012 ዓም በጀት ዓመት ዝተፈላለዩ ግልጋሎት ዝዉዕል 2ይ ዙር ዕደጋ ዝተፈላለዩ ንበረት ማለት ናይ ፅሕፈት መሳርሒ : ኮምፒተራት: ናይ ኮምፒተር ቀለማት አቅሑት : ናይ ኤሌክትሪክ ኣቁሑት : ናይ ፅሬት ኣቅሑት : ናይ መኪና መለዋወጢ ኣቅሑት: ፈርኒቸር አቁሑት ብግልፂ ጨረታ አወዳዲሩ ካብ ሕጋዉያን ነጋዶ ብግልፂ ጨረታ ኣወዳዲሩ ክዕድግ ይደሊ

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ሰሉስ መጋቢት 1, 2012 (ልዕሊ 6 ዓመታት)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: መጋቢት 16, 2012 3:30 ቅ/ሰዓት (ተዓፅዩ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:00
- ቦታ:መቐለ
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:30
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: መጋቢት 16, 2012 4:00 ቅ/ሰዓት
- መደብ: መለዋወጢ ኣቁሑት ተሸከርከርቲ/ ናይ ንፅህናን ፅሬት ኣቁሑት/ ኮምፒተርን ተዛመድቲ / ናይ ኮምፒተር ተዛመድቲ አቁሑትን/ ኤሌክትሪካልን መሳርሕታትን መለዋወጢን/ ናይ ቢሮ ፈርኒቸር/ ናይ ፅሕፈት መሳሪሕታተት/

1 በቲ ዘርፊ ሕጋዊ ንግዲ ፍቃድ ዘለዎን አብ ናይ መቅረብቲ ዝርዝር ዝተመዝገበን

2 ተጫረቲ ቫት ዝተመዝገቡ ምካኖም መረዳእታ ዘቅርብን ናይ ክፊሊ ግብሪ መለለይ ቲን ናምበር ምህላዎም መረዳእታ ከቅርቡ አለዎም

3 ተጫረቲ ግብሪ 2011 ዓም ዝከፈሉን ንግዲ ፋቃድ 2012 ዓም ዘሐደሱን ናይ ወርሒ ጥሪ 2012 ዓም ዲክለር ዝገበሩን ምካኖም መረዳእታ ከቅረቡ አለዎም

4 ተጫቲ ዝጫረትሉ መወዳደሪ ዋጋ ብዘይስርዝ ድልዝ መሊኦም ብንፁር ሽምን ኣድራሻን ፊርማን ማህተምን ብምግባር ከምእዉን ኣብ ተቁ 3 ዝተገሉ ሰነዳትን ካልኦት ኣድላይ እየም እትብልዎም ሰነዳት እንተሃልዩም ፎቶ ኮፒ ብምግባር ሕድሕድ ሰነድ ተማሊኡ ብፖስታ ዓሺጎም ናብ ዋና ቤት ፅሕፈት ህ ወሐት ክ/ስ/ዕደጋን ፋይናንስን ምምሕዳር ንጨረታ ኣብ ዝተዳለወ ሳንዱቅ ከእተዉ ይክእሉ

5 ተጫረቲ ጨረታ ካብ ዝሸነፍሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ዉሽጢ 5ተ ናይ ስራሕ መዓልቲ ሕጋዊ ዉዕሊ ኣሲሮም መከበሪ ዉዕሊ 10% ብጥረ ገንዘብ ወይ ብባንኪ ዝተረጋገፀ ስፒኦ ከትሕዙ ዝክእሉን ተጫረቲ ዘሸነፍዎም ንብረት ብናይ ባዕሎም ትራንስፖርት ናብ ዋና ቤት ፅሕፈት ንብረት ክፍሊ ከቅረቡ ዝክእሉ

6 ተጫረቲ ናይ ጨረታ ሰነድ ዘይመለስ ንኩሎም ሕድሕድ ሰነድ ብር 30 ቅርሺ ብምክፋል ካብ ክ/ስ/ዕደጋን ፋይናንስን ምምሕዳር ዕደጋ ክፍሊ ምዉሳድ ይክእሉ

7 ተጫረቲ ዘቅርብዎ ንብረት መርኣያ ሳምፕል መረዳእታ ካብ ቤት ፅሕፈትና መፂእኩም ክትሪኡን ክትሓቱን ይክእሉ

8 ጨረታ ኣብ አየር ዝፀንሐሉ ግዜ ካብ ዕለት 01/7/2012 ዓም ክሳብ ዕለት 16/07/2012 ዓም ሰዓት 3:30 ቅድሚ ቀትሪ ኮይኑ ኣብ ዝተዳለወ ናይ ጨረታ ሳንዱቅ ብዝተዓሸገ ፖስታ ክተቅረቡ ትክእሉ

9 እቲ ጨረታ ዕለት 16/7/2012 ዓም ሰዓት 3:30 ተዓፂዩ ብተመሳሳሊ ዕለት ሰዓት 4:00 ኣብ ቤት /ፅት ህወሓት ዕደጋን ፋይናንስ ከይዲ ስራሕ ኣዳራሽ ይፈት

10 ጨረታ ምስተከፈተ ሕጋዊ ሕቶን ተዘይኮኑ ካሊእ መመክነይታ ምቅራብ ግን ተቀባልነት የብሉን

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle

11 ተጫረቲ ናይ ጨረታ መከበሪ ንኮምፒተርን ከምፒተር ቀለማት ብር 3000 ንፅሕፈት መሳርሒ 2000 ንፅዳት ኣቕሑት 300 ንፈርኒቸር ኣቕሑት ብር 1000 ንመኪና መለዋወጢ ጌጣጌጥ ኣቕሑት ብር 300 ብጥረ ገንዝብ ወይ ብባንኪ ዝተረጋገፀ ስፒኦ ከትሕዙ አለዎም

12 ተጫረቲ ብዘይ አገባብ ጨረታ ንምዝገባዕ ንዝፈተኑ ስጉምቲ እንወስድ ምኩኑ ከምእ እዉን ዘትሓዝዎ ናይ ጨረታ መከበሪ ገንዘብ ዝዉረስ ምኩኑ ከፈልጡ አለዎም

13 ኣብ እዋን ጨረታ ምርኣይ ተጫረቲ ወይ ሕጋዊ ወከልቶም ክርከቡ አለዎም ተጫረቲ ወይ ሕጋዊ ወከልቶም ብዘይ ምቅራቦም ጨረታ ምክፋት ኣይተኣጎልን

14 ቤት ፅሕፈትና ተጫረቲ ዘሸነፍዎ ንብረት ብፅሬት መረጋገፂ ኣካል ብዓል ሞያ ፅሬቱ ተረጋጊፁ ኣታዊ ዝኮነ ንብረት ጥራሕ ሒሳቡ ንከፈል ምካኑ ከፍልጡ አለዎም

15 እቲ ጨረታ ምስተከፈተ ቤት ፅሕፈትና ናይቲ ዝግዛእ ንበረት መጠን ክሳብ 20% ክቕንስን ወይ ክዉስክ ይክእለ እዩ

16 ቤት ፅሕፈና ዝሐሸ መማረፂ እንተረኪቡ ብሙሉእ ይኩን ብክፋል ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሐለወ እዩ

17 ተጫረቲ አበቲ ጨረታ ሰነድ ዘይተረደኣኩም ነገር እንተሃልዩ ብስልኪ ቋፅሪ 0344414129 /0344 404396 ደዊሉም ወይ ናብ ቤት ፅሕፈት ህወሓት ከ/ስ/ዕ/ፋ/ምምሕዳር በኣካል ቀሪብኩም ምሕታት ይክእሉ

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle